


# ወርሒ መስከረም

ወርሒ መስከረም ካብ ኩላተን ወርሓት እታ ዝተፈተወት ወርሒ ምዃና ዳርጋ ኩላትና እንሰማምዓሉ ሓቂ እዩ ፡ እቲምንታይሲ ፡ ካብ ቅነ ሓምለ-ሰነ ፡ ብራቕ ጽሓይ ትርእየሉ ፡ ካብ ቅነ ሓምሊ ፡ ሰዊት ዓምዓሞ እትብለሉ ፡ ግዓት ሓምሊ ውጻእ ፡ ግዓት ቦሶ እቶ እናበልካ እትዝይመሉ ብርሃን ዝኾነ ወርሒ እዩ ፡ በብዓይነቱ ዕምበባ ዘጊጸሉ ፡ ሕብረን ዝተፈላለ፡ ጽምብላሊዕ ኣኽናፈን ንመሬት ክኸድን ዝመስል ፡ ዕምበባ ምጸምጸ ክምገባ ናብዝን ናብት ክኸድዳ ርኢኻ ዘይትመንወን ክፍተወካ ሕብረን ሕብረ ቂሓ -ጽልሚ፡ ዚዝታ ናይ ንህቢ ፡ ንወፈራ ዘንቀዱ ክመስሉ ሰፈፍ ናይመዓር ክነድቁ ኣብስራሕ ዝተዋፈርሉ ፡ኣብ ህርድግ ነፍረ ዝርከቡ ፡ ወርሒ መስከረም’ዩ ፡

እተን ብዓይነተን ብሉጻትን ምልኩዓት ዝኾናን ፡ ኣብካልእ ዓለም ደሊኻ ዘይትረኽበን ፡ ስልማት መሬትን ሰማይን ዝኾና በብዓይነትን ኣዕዋፍ ፡ ገሊኦን ሕብረን ዝቕይራ ፡ ገሊኤን ጭራኣን ዘንውሓ ፡ ከም ዕሉም ኦርኬስትራ ፡ መዝሙርዳዊት ዝጥዕም ዜምኤን ፡ ብፍላይ ዳዝዳዝ ተሲእካ እንክትሰምዐን ምስ ኣንጋህካ ብተስፋ ብሩኽ መዓልቲ ኢኻ ትውዕል ፡ እዚ ኩሉ ኣብ ወርሒ መስከረም’ዶ ኣይኮነን ፡

ሓረስታይ እዝገንጉስ ፡ ተመንዩ ዝዘርኦ ግራቱ ፡ ሳላ ጻዕሩን በርከቱን ሊጋስ ክረምቲን ዘራእቲ ገሊኡ ጭሒሙ ወሊዱ ፡ ገሊኡ’ውን ሰዊቱ ፡ ዓምዓሞ ፡ ክትብል ካብ ጉዕዞ መነገድኻ ኣላጊስካ ኣፍቂድካ ነድቅኻ ሰዊት ክተውስድ ፡ በጃኻ ወስኽሉ ደይሰዊትዩ ክብለካን ፡ ንስኻ ዘርእኻ ኣብዝሓዮ እናተብሃልካ ክትመራረቕ እዚ’ውን ኩሉ ኣብወርሒ መስከረም’ዩ ፡

ከምቲ ሳዕሪ ጸጊበን ፡ ኣብቲ ሃሪ ዝመስል ልሙዕ ቦታ ኣዕሪፍን ከድርሳ ፡ ኣብታይ ጸባ ጸጊበን ዓጋቲ ዘይብለን ክዘላ ክዕንድራ ፡ ጓስኣን ፡ ልግዐ ጸጊቡ ክገማሰ ፡ ዕንዱራ ዝጥም ድምጺ ሻምብቆኡ እናነፍሓ መሳትኡ ከዳሂ ፡ ወዮ ጎቦታት ኣሎኹ ባዕለይ ክጽውዓልካ ኣጆኻ እናበለ ዝሰግድ ክመስልን ፡ ኣብ ከባቢኡ ትኣንጊዱ ዝርከብ ኣርግሀን ሳዕርን ፡ በቲ ከም ለመምታ ህድእ ኢሉ ዝጉዓዝ ብንፋስ ንየማን ንጸጋም ክንኖ ፡ ከም ኣብ ማዕበል እትሰራሰር መረከብ ፡ ባዕለይ ከብጽሓካ ናብ መዛኑኻ ንዓተወጣሕ ኣብዝባነይ ዝብሎ እንክመስል ፡ እዚውን ኩሉ ኣብ ወርሒ መስከረም’ዶ ኣይኮነን ፡

መሳቱ ትኣኪቦም ክዘሉ ክጻወቱ ፡ ክጫረቑ ፡ ክላሃዩ ፡ ካብ ግርህናን ፍቕርን ዘንቀደ ኣብገራት ዝኾነ ወዲዓዲ ኣትዮም ፡ ዝኣኽሎም ሰዊት ፡ ወሲዶም ህንኩቶ ክህንኩቱ ፡ ድሕሪ ጽጋብ ፡ ኣላኻ ፡ ኣለኻ ... እናበሉ ክጻወቱ ፡ክትሪኢ እነከለኻ ፡ ነቲ ሽሻይ መሊሱ ድኣ የበርክቶ እምበር ፡ ኣየግድሎን ፡ መቐጸልታ ፍቕሪ ተሳንዮም ከብቶም ኮብኪቦም ፡ ነናብ ደምቢኦም ፡ ክኣትዉ ፡ እወ እዚ ኩሉ ኣብ ወርሒ መስከረም ፡

ምሓዙት ፡ ንበዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ዝኾነን ፡ ካብ ነፍሲወከፍ ገዛ ፡ በብምዕሮ ሓሪጭ በብመስፈር ሽጉጥ ጠስሚ ፡ ንግዓት ክኾነን ፡ ከዋጽኣን ፡ ድልየተን ዝሰምረለንን ፡ ኣሓ ምስጸገባ ጸባ ስለዝህባ ፡ እዚውን ኣብወርሒ መስከረም እዩ ፡

ሳዕሪ ንክብልዑ ምሰከብቶም በረኻ ዝሓግዩ ጓሶት ፡ዝቐደሙ ኣብማርያ ፡ ዝድሓሩ ኣብ ቅነመሳቕል ከብቶም ሒዞም ንዓዲ ክአትዉ ፡ ሰብበረኻ ኣትዮም ተባሂሉ ድሙቕ ኣቀባብላ ክግበረሎም ፡ ፈውሲ ዓይነት ተባሂሉ ሽንፋእ ክንጸገሎም ፡ ንሶምውን ፡ ቅድሚ ድርኩኺት ገዝኦም ምርጋጸም ፡ ሰይቲ መን ፡ ወይ ጓል መን ኣላ ዝሓረሰት ኢሎም ክሓቱ ፡ ሓሊቦም ጸባ ከብጽሑላ ፡ መግለጺ ፍቕሮም ፡ ክብሪ ባህሎምን ዝገልጽሉ ወርሒ መስከረም እዩ ፡ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን ፡

እዚ ኣብላዕሊ ብከፊል ዝጠቐስኩዎ ፡ ካብቲ ብዙሕ ቁንጣሮ እዩ ፡ ካብቲ ክብርታት ባህልና እውን እዩ ፡ ከምሓደ ስድራ ሓቢርካ ትሳግመሉ ሕላገት ኤርትራውነት ባህሪ እዩ ፡ ናይ ብሓቂ ትርጉም ዘሎዎ ምኡዝ ሓባራዊ ሂወት እዩ ፡ ኮይኑ ግን ፡ ሓሳድ ኩሉ ግዜ ስለዘይስኣን ፡ ነዚ ማሙቕ ሂወት ክዘርጉ ፡ ሰማያት ቀዲዶም ባሕሪ ተርቢዮም ፡ ተሞኽንዮም ድቦላ ወዲቖምና ፡ እቲ ዝነበረ መግዛእቲ ናይ ፋሽሽቲ ከይስልችወና ምድጋሙ ኣይመርጽን ፡ እቲ ድሕሪኡ ዘስዐበ ግን ኩላተን ኣህጉር ናይ ኣፍሪቃ ናጽነተን ክወስዳ ፡ ንዓና ግን ብምስምስ ነብሶም ኣይክእሉንዮም ዝብል ጉልባብ ምስ ካብ ምሉእ ኣፍሪቃ እታ ዝድሓረት መስፍናዊት ሃገር ኢትዮጵያ ብውዲት ቆሪኖምና ፡ ንዑባ ግደፉ'የ እንተብልካስ ጸማም እዝኒ ፡ ንሰላም ብሰላም ለሚንና ትሓሊሉላና ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከይፈተወ በቲ ክርድኦም ዝክእል ቋንቋ ከስምዮም ፡ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ክጠቕሶ ዘጸናሕኩ ኣብወርሒ መስከረም ዝቕዳሕ ሽሻይ ጠንጢኑ ፡ ንናጽነትን መሰል ርእሰውሳነ ክደሊ ፡ ብሐደ መስከርም ሰውራዊ ባርዕ ዝወልዐ ፡ ንመሰሉ ንሓርነቱ ፡ ክረከባ ፡ ነታ ዝፈትዋ መሬቱ ክትነብር በቲውዑይ ደሙ ከጥልላ ኣለኹልኪ ባዕለይ ውላድኪ ፡ ንኣባይ ሰስ ክብለልኪ ፡ ንኽትነብሪ ፡ ሂወተይ እምንነልኪ በጃ ክሓልፈልኪ ፡ ኣነ እንከለኹ መንእዩ ፡ ዝደፍረኪ ፡ ክብላ ፡ ዕለት 01 09.1961 ፡ ካብቲ ኩሩዕ ታባ ጎባ ኣዳል ፡ ንጸላእቱ ዘርዓደ ፡ ንፈተውቱ ዘረስረሰ መቓልሕ ሓቂ ፡ መቓልሕ ናጽነት ፡ ካብ ራስ ቄሳር ፡ ናብ ራስ ዱመራ ፡ ዝዓጠቐ ፡ ካብ ደንካልያ ፡ ዶብ ሑመራ ፡ ካብ ኡምሓጀር ናብ ቃሮራ ፡ ፡ ሓንቲ መዓልቲ ፡ ናቱ ምኻኑ ንዓለም ከምዘእምን ፡ ዓለም ክትኣምን እንተዘይደለየት ፡ ኣብ ብርኩ ሰጊዳ ከምትኣምን ካብቲ እዋን ኣትሒዙ እዩ ነጊሩ ፡ ጉዕዞ ናይ ሰላሳ ዓመት መሪር ገድሊ ክዉን ገይርዎ ፡ ዳግም እታ ክትኣምን ዘይመረጸት ዓለም ፡ ንሓቂ ክትጎስሞ ተቐሲባ እያ ፡

ብርግጽ ክኣ ፡ ንምቁር ናይ ሓበር ሂወት ክረክብ ፡ ንናይ ውልቁ ምቁር ሂወት ሰዊኡ ፡ ነቲ ዝተለሞ ብዓወት ዛዚምዎ ፡ ስለዚ ፡ 1 መስከረም ፡ ካብ መዓልቲ ናጽነት ዘይንእስ ዝልዓለ ክብሪ ኣለዋ ፡ እቲምንታይሲ ናይሽዑ መዓልቲ ዝተወሰደ ውሳነ'ዩ ፡ ብርሃን ክንርኢ ናጽነት ከነስተማቕር ኣኽኢሉና ፡ ሞሳ ይኹንካ ህዝቢ ኤርትራ ፡

1 መስከረም ወትሩ ተዘኪርኪ ንበሪ !

ዘልኣለማዊ ዝኽርክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡